# ሃናፂ ወግዒ ምስ ዶ/ር ኣዲስዓለም ባሌማ'ን ኣምባሳደር ተወልደ ገብሩን ኣብ ሲያትል!!



ልምዓትን ዕብየትን ትግራይ ኣብ ምንታይ ብርኪ ይርከብ? ከይዲ ንግድን ኢንዱስትሪን ትግራይ'ከ እንታይ ይመስል? ገንዘብን ፍልጠትን ተጋሩ ይኹን ፈተውቲ ትግራይ ኣብ ክልል ትግራይ ንምፍሳስ ኣብ ዝግበር ወፍሪ እንታይ ይዝተ ኣሎ? ነዚ ጉዳይ'ዚ ዘዕንቅፉ ማሕለኻታት እንተልዮም'ከ፣ ብኸመይ ክፍትሑ ይግበኦም? ዝብል ዙርያ መለሽ ምይይጥ ንምክያድ ንግድን ዕብየትን ኣብ ክልል ትግራይ፣ ፎረም 2006 ዘርእስቱ መድረኽ ኣብ ኣዳራሽ ላንግስተን ሂው ፐርፎርሚንግ ኣርት ሰንተር ሲያትል ሰምበት ኦግስት 13, 2006 ካብ ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ቀትሪ ጀሚሩ ሰዓት 7፡00 ክዛዘም እዩ። ጥዑም ንፋስ ሲያትል ንምቕባልን ኣብዚ ሰናይ ምይይጥ ንምስታፍን ካብ ካሊፎርኒያ፣ ፖርትላንድ፣ ቫንኮቨር ቢሲን፣ ካልኦት ከባቢታትን ተሳተፍቲ ክኾኑ ብኽብሪ እናዓደምና፣ ኣብዚ ድሮ ፎረም 2006 ቀዳም ምሸት፣ ብወናማት ከየንቲ ትግራይ ተዓጂቡ ዝካየድ ተሃድሶ ማሕበር ልምዓት ትግራይ፣ ዓብዪ ናይ ድራር ምሸት ከየምልጠኩም ቅድሚ ክልተ መዓልቲ ተወከፉ።

---

<u>መድረኽ፡</u> ንግድን ዕብየትን ክልል ትግራይ ፎረም 2006

<u>ቦታ፡</u> 104 17th Avenue S. Seattle, Washington 98122

<u>ሰዓት፡</u> ካብ 2፡00–7፡00 ድሕሪ ቐትሪ

<u>መዳለውቲ፡</u> ኮሚቴ ምትሕብባር ልምዓትን ዕብየትን ንሰላምን ዲሞክራሲን